ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ብምኽንያት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ
# ግንቦት-ሓደ (መይ-ደይ) ዝተዳለወ ውድባዊ መግለጺ፡

ግንቦት ሓደ(መይደይ) ኣብ ማህደር ታሪኽ ሸቃሎ-ዓለምና ናይ ገዛእ-ርእሳ ፍሉይ ታሪኻዊ ቦታ ዝሓዘት ዕለት’ያ። እዛ ዕለት’ዚኣ ሸቃሎ ዓለምና ካብ’ቲ ንዘበናት ክበጽሖም ዝጸንሐ መሪር ደርባዊ ወጽዓ ንምንጋፍ፡ ተወዲቦም ዘካየዱዎ መሪር ቃልስን ዝኸፈሉዎ ከቢድ መስዋእትን ንምዝካር፡ ብሸም ውጹዓት ሸቃሎ ዝተሰመየት ታሪኻዊት ዓለም-ለኻዊት ዕለት’ያ። እነሆ ሎሚ ድማ ብዓለም ደረጃ ንመበል 118 ግዜኣ ትዝከር ኣላ።

ሸቃሎ ኤርትራ፡ ከም ኣካል ኣምሳል ሸቃሎ ዓለም መጠን፡ ንግንቦት ሓደ (መይ-ደይ) ንሕሉፍ ተሞክሮ ቃልሶም እናዘከሩ፡ ንህሉው ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን ብሓፈሻ፡ ንኩነታቶም ድማ ብፍላይ ብኹሉ መዳዩ ገምጊሞም ንመጻኢ ቃልሲ ቅኑዕ ራእይ ሒዞም፡ ብሩህ መጻኢ ዘቋሙቱላ ዕለት’ያ።

ኤርትራውያን ሸቃሎ፡ ከም ኣካል ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ መጠን፡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት፡ ካብ ኣርባዓታት ጀሚሮም ዝተቓለሱን ዝተሰውኡን’ኳ እንተኾኑ፡ ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ግን ኩሉ ትጽቢታቶም ተጠሊሙ’ዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ፖሎቲካዊ ስልጣን ንበይኑ ብሒቱ ንሃገርና ልዕሊ ሕግን ስርዓትን ኮይኑ ይገዝኣ ብምህላዉ፡ ሸቃሎ ኤርትራውያን ከም ኩሎም ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቶም ተዓፊኑ’ዩ። ናይ ስራሕ ውሕስነት የብሎምን። ብዘይ ቅቡል ምኽንያት ካብ ስራሕ ክጽልጸሉን ብሓይሊ እናተገፈፉ ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ(ጊላዊ ዕዮ)ን ክኳረቱ ጸኒሖምን ኣሎዉን።

ብሰንኪ ገባቲ ቁጠባዊ ፖሊሲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ሰብ-ሃብቲ ደቂ-ሃገር ይኹን ወጻእተኛታት ኣብ ሃገርና ዕድል ኢንቨስትመንት ስለዝተነፍጎምን፡ ኣቐዲሞም ዝፈተኑ ድማ እናኸሰሩን እናጠፈሹን ብምኻዶም፡ ሓድሽ ናይ ስራሕ ዕድል ምስኣን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነባራት ሸቃሎ’ውን ውሕስነት ስኢኖም ምስ ስድራ-ቤታቶም ኣብ ሓደጋ እናወደቑ ዝኸዱሉ ኩነታት እናኸፍአ መጺኡ እዩ። ብቐንዱ ብዝተኸተሎ ግጉይ ቁጠባዊ ስትራተጂ፡ ብተወሳኺ በቲ ኣብ ዓለምና ኣጋጢሙ ዝጸንሐ ዓሚቕ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ክሳብ ሎሚ ነባሪ ፍታሕ ብዘይ-ምርካቡ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብከቢድ ሕጽረት ናይ ወጻኢ ሸርፊ እናተሳቐየ ምቕጻሉ፡ ብመንግስቲ ህግደፍ ዝውነና ኢንዱስትሪታትን ፋብሪካታትን’ውን ሰኣን እኹል ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት ክዝሕትላን ክሳብ ደው ናብ ምባል ክበጽሓን ይኾና ኣሎዋ። ብሰንኪ’ዚ ድማ፡ በብእዋኑ ብርክት ዝበሉ ሸቃሎ ካብ ስራሕ ደው ክብሉን ንባዕሎምን ስድራታቶምን ኣብ ከቢድ ናይ መነባብሮ ሽግር ክወድቁን ሕሱም ናይ ድኽነትን ጥሜትን ሂወት ኣብ ምሕላፍ ይርከቡ።

ናይ ሎሚ በዓል ግንቦት ሓደ(መይ-ደይ) ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት ትበዓል ኣላ። ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ዝባኖም ተሰቒሎም ከሳቕዩዎም ዝጸንሑ መንግስታት ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክጉሕፉ ኣብ ማዕበላዊ ህዝባዊ ዓመጽ ዝኸተቱሉ፡ ናይ ቱኒዝያን ግብጽን ህዝብታት፡ ታሪኻዊ ዓወት ዝተጎናጸፉሉ፡ ህዝብታት ሊብያ፣ ሶርያ፣ የመን፣ ባሕሬን ወዘተ ድማ ኣብ ምትሕንናቕ ዝርከቡሉ እዋን’ዩ። በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብሃፈጽታ ናዕቢ ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን ርዒዱ ክሕቆን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብሓደ ወገን ንስርዓት ቃዛፊ ንምድሓን ፍሉያት ኣሃዱታት ልኢኹ ተቓውሞ ህዝቢ ሊብያ ንምጭፍላቕ ዝተዋፈረሉ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ብምኽንያት መበል 20 ዓመት ሃገራዊ ነጻነትና ኣመኻንዩ፡ **"ኤርትራ 20 ዓመታት ሓበን"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ከብዕሎ: ኣብ ዕድመ ስልጣኑ ገይሩዎ ዘይፈልጥ በብኽባቢኡ ሲምፖዝዩማት እናካየደ ቀልቢ ህዝብታትና ንምጥምዛዝ ሕሱር ጻዕሪ ዘካይደሉ እዋን እዩ።

ግንቦት ሓደ(መይ-ደይ) ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ ክነኽብር እንከሎና፡ ካብ ኣእምሮና ዘይሕከኹ ክውንነታት ኣሎዉ። ብሰንኪ ጨካንን ግፍዓውን ስርዓት-ምሕደራ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ በብመዓልቱ ንዝፈትዉዋ ሃገሮም እናገደፉ ናብ ስደት ብኣሽሓት ዝውሕዙ ዘሎዉ ወገናትና፡ ኣብ ጉዕዞኦም ዘጓንፎም ዘሎ ዘሰቕቕ መከራ እዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብውሽጡ ብፍርሕን ራዕድን እናተሓቖነ እንከሎ፡ ከምስል መበል 20 ዓመት

መዓልቲ ነጻነት ብድሙቕ ስነ-ስርዓት ከኽብር፡ "ኤርትራ ናይ 20 ዓመት ሓበን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቫሕጣይ ጭርሖ ተኸዊሉ፡ ዳንኬራ ኣብ ዝድስቐሉ እዋን፡ ብሰንኪ ጨካን ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራኡ ካብ ሃገሮም ነፊጾም ኣብ ሊብያ ተዓቚቦም ካብ ዝነበሩ ኤርትራውያን 325፡ ህጻውንትን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከቡዎም መንእሰያት ወገናትና፡ ባሕሪ ሜዲተራንያን ብመርከብ ክቖርጹ ኣብ ዝተበገሱሉ እዋን፡ ምኽንያቱ መሊኡ ብዘይተረጋገጸ ሓደጋ፡ ብሰቕቕ ኣገባብ ብጃምላ ዝሃለቑሉን መላእ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ከቢድ ሓዘን ዝወደቑሉ እዋን እዩ። ብሰቕቕ ህልቂት ወገናትና፡ ህዝብታት ኤርትራ ደም ኣብ ዝነብዑሉ እዋን፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ዕሱባት ኮራኹሩን "ጸጊቦም እዮም ሃገሮም ገዲፎም ከይዶም" እናበሉ ካላግጹን፡ ኣብ ዝቖሰለ ልቢ ህዝብና መሊሶም ግንጫር ክወግኡዎ ዝጓየዩሉ እዋን እዩ። `

ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ ገደብ ኣልቦ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ጭቆና፡ ድኽነት፣ ጥሜት፣ ማእሰርቲ፣ ምስዋር፣ ሞትን ሰፊሕ ዋሕዚ ስደትን ሕላገት ህዝብታት ኤርትራ ካብ ዝኸውን እነሆ 20 ዓመታት ንደፍን ኣሎና። እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ዘይተኣደነ በደል፡ ሸቃሎ ኤርትራ'ውን ከም ኣካል ኣምሳል ህዝብታት ኤርትራ መጠን፡ ግዳይ ኮይኖም ምጽነሖም ዘይሕባእ ሓቂ እዩ። ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዘበነ ግፍዓዊ ኣገዛዝኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ-ህግደፍ፡ እታ ብሽም ሰራሕተኛታት ዝቖመት ማሕበር፡ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ(ሃኮሰኤ)፡ ምዝመዛን ጭቆናን ዝመረሮም ሸቃሎ ኤርትራ ዘስምዑዎ ኣውያትን መረረትን ብምዕባጥ፡ ንምንዋሕ ዕድመ ስልጣን ኢሳይያስ ካብ ምሽቃል ሓሊፋ፡ ንሓንቲ ካልኢት'ውን ረብሓ ሸቃሎ ተጣቢቓ ኣይትፈልጥን። ስለዝኾነ'ውን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራ ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊኦም ሓደጋ ምብትታንን ብርሰት ኣንጸላልዩ ኣሎ። ሸቃሎ ኤርትራ ከም ኣካል ህዝብታት ኤርትራ መጠን፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ብምድሓን፡ ካብ ዝወርዶም ዘሎ ደርባዊ ጭቖና ብዘላቕነት ክላገላገሉ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ተጋድሎ ብኹሉ ዓቕሞም ክቃለሱ፡ ግንቦት ሓደ(መይደይ) ቃሎም ዘሕድሱላ ዕለት ክትከውን ይግባእ።

ብምኽንያት ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ ዓለም፡ ንኤርትራውያን ሸቓሎ ክነመሓላልፎ እንደሊ መልእኽቲ፡- ህዝብታት ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ-ህግደፍ ኣብ ልዕሊኦም ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ኣንጸላልዩም ኣሎ። ን50 ዓመታት ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም ዘካየዱዎ ዘይሕለል ተጋድሎ፡ ብዘይ-ፍረ ተሪፉ፡ ኣብ ኢድ ሓደ ዕሉል ትምክሕተኛ ውልቀ-ሰብን ዕሱብ ጉጅለኡን ወዲቖም፡ መጻኢኦም ጸልማት እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ካብ'ዚ ሓደጋ'ዚ ብዘላቕነት ንምድሓን፡ እቲ ብሕታዊ ኣማራጺ፡ ዓቕሚ ህዝብታትናን ሓይሊ ተቓውሞን ብምውህሃድ ዘይዕጸፍ ቅልጽምና ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን-ህግደፍን ምዕራፍ እዩ። ከም ኤርትራውያን ናብ'ዚ ደረጃ'ዚ ከሰጋግረና ኢዩ ኢልና እንኣምነሉ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል፡ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ሰፊሕ ምድላው ኣብ ምክያድ ይርከብ። እዚ ሃገራዊ ጉባኤ'ዚ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ብንቕሓት ዝሳተፉሉን ብወከልቶም ኣቢሎም ዘሰላስሉዎ፡ ውራይ ደለይቲ ለውጢ ህዝብታት ኤርትራ እዩ። ነቲ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ሞንጎ ሓይሊ ተቓውሞን ህዝብታትናን ተፈጢሩ ዝጸንሐ ጋግ ዓቢሱ፡ ሓያል ዓቕሚ ብምፍጣር፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምሕጻር፡ ዓብይ ዕድል ክፈጥር ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ዝእመነሉ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምዕዋት፡ ሸቃሎ ኤርትራውያን ካብኦም ዝጥለብ ኩሉ-መዳያዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ቃል ዝኣትዉሉ ዕለት ክኸውን ይግባእ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ህዝብን ሃገርን ኣንጸላልዩዎም ካብ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ኣብ ምድሓን ዓቕሚ ህዝብታትና ኣብ ምውህሃድ ልዑል ተራ ክህልዎ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋትን ኣብ ሃገርና ዘላቒ ረብሓ ህዝብታትና ዘረጋግጽ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ፡ ብኹሉ ዓቕሙ ክቃለስ ቅሩብ ምህላዉ ብኣጋጣሚ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ(መይ-ደይ) ደጊሙ የረጋግጽ።

**ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓን፡**
**ብኹሉ ዓቕምታትና ንቃለስ!!**
**ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ሸቃሎ ግንቦት ሓደ(መይደይ)**
**ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር!!**
**ውድቀት ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ!!**
**ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!**

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
01 ግንቦት 2011